# ናይ ሰለስተ ዓመት ቆልዑኣጸደ ቆልዑ

## ደቅና ዓብዩ ሕልሚ ኺሓልሙ፡ ኣብ ህይወቶም ብሉጽ መጀመሪ የድልዮም

3-YEAR-OLD KINDER
Best Start
Best Life



THE EDUCATION STATE

VICTORIA State Government | Education and Training

KINDERGARTEN Victorian Government Approved

**መንግስቲ ቪክቶርያ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ዓመታት ንሰልስተ ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ኣጸደ ቆልዑ ኣድማሳዊ ናይ ገንዘብ ምወላ ንከተኣታቱ ዳርጋ 5 ቢልዮን ዶላር የዋፍር ኣሎ፣ ሕጂ ድማ ኣብ ምልእቲ እታ ክፍሊ ሃገት ይርከብ ኣሎ። እዚ ማለት  ንቆልዑ ቪክቶርያ፣ ካልእ ዓመት ናይ ትምህርቲ፡ ድንፋዐ፡ ምጽዋትን ከምኡውን ኣዕሩኽ ዘጥርይሉ ዓመት ማለት እዩ።**

ካብ ደቂ ሰለስተ ዓመት ኣትሒዝካ ኣብ ብሉጽ ፕሮግራም ኣጸደ ቆልዑ ምክፋል ናይ ቈልዑ ትምህርቲ ምዕባለ፡ ጥዕና ከምኡውን ናይ ጥዕና ውጽኢት ክብ የብሎ።

## ቈልዑ ብጻወታ ኣቢሎም ብዛዕባ እታ ኣብ ከባቢኦም ዘላ ዓለም ይመሃሩ

ኣብ ጸወታ እተመርኰሰ ትምህርቲ ናእሽቱ ቘልዑ ብዝበለጸ ዝመሃሩሉ መንገዲ እዩ። ቈልዑ ን ናይ ፈጠራ ክእለቶም ንኪጥቀሙ፡ ናይ ቋንቋ ኽእለቶም ክሃንጹ ከምኡውን ብዛዕባ ቼጽርታትን ኣሰራርዓንን ንኪመሃሩ ኣጋጣሚ ይኸፍተሎም። ምስ ካልኦት ተሳኒዮም ብኸመይ ከም ዝነብሩ፡ ብኸመይ ከም ዚማቓርሑ፡ ብኸመይ ከምዝዳመጹን ከምኡውን ብኸመይ ስምዒታቶም ከም ዝቆጻጸሩ ይመሃሩ።

## ኲሎም ኣብ ቪክቶርያ ዚነብሩ ቈልዑ ንኽልተ ዓመት ዚኣክል ዝምወል ናይ ኣጸደ ቆልዑ ኪረኽቡሉ ዕድል ይህልዎም

ኣብ መላእ እቲ ክፍለ ሃገር ዚነብሩ ቈልዑ ካብ 2022 ጀሚሩ ኣብ ሰሰሙን እንተ ወሓደ ሓሙሽተ ሰዓት ዚኸውን ዚምወል ፕሮግራም ኣጸደ ቆልዑ ኪረኽቡ ይኽእሉ። እቶም ሰዓታት ኣብ 2029 ኣብ ሰሙን ናብ 15 ሰዓት ክብ ክብሉ እዮም።

## ውሉድኩም ናብ አየናይ ኣጸደ ቆልዑ  ይኸይድ ብዘየገድስ፡ ነቲ ፕሮግራም መማህራን ን ዝሰልጠኑ4ኣስተምሃርትን ክመርሕዎ ኢዮም

ቈልዑ ኣብ ናይ ምሉእ መዓልቲ ኽንክን (ንቘልዑ ምክንኻን) ወይ ኣብ ርእሱ ስካኣለ ኣጸደ ቆልዑ ክሳተፉ ይኽእሉ።

| |
|---|
| **ቈልዑ ብጻወታ ኣቢሎም ብዛዕባ ዓለም ይመሃሩ** |
| **ምስ ካልኦት ተሳኒዮም ብኸመይ ከም ዝነብሩ፡ ብኸመይ ከም ዝማቓርሑ፡ ብኸመይ ከምዝደማመጹ** ከምኡውን **ብኸመይ ስምዒታቶም ከም ዝቆጻጸሩ** ይመሃሩ ፡፡ |
| ኣብ ኣጸደ ቆልዑ፡ ቈልዑ **ናይ ቋንቋ ኽእለቶም**  ክሃንጹን ብዛዕባ **ቼጽርታትን ኣስራርዓን** ንምምሃርን ጸወታ ይጥቀሙ |
| መምህራን ንቘልዑ ብዛዕባ ትምህርቲ ንምፍላጥ **ህንጡያት፡ መሃዝቲ ከምኡውን ርእሰ-ተኣማማንነት ዘለዎም** ንኽኮኑ ይሕግዝዎም |

## ፕሮግራማት ኣጸደ ቆልዑ ብ ዝተፈላለየ ዝተሰርዐ ኮይኑ ኪቐርብ ይኽእል እዩ

| | |
|---|---|
| **ርእሶም ዝኻሉ ኣጸደ ቆልዑ** | **መደባት ኣጸደ ቆልዑ**<br>ቈልዑ ንዝተሰርዐ መዓልትን ሰዓትን ኣብ መደብ መውዓሊ ህጻናት ይሳተፉ |
| **ናይ ምሉእ መዓልቲ ኽንክን ቆልዑ ኣገልግሎታት** | **መደባት ኣጸደ ቆልዑ**<br>ቈልዑ ንመደብ ኣጸደ ቆልዑ ከም ኣካል ናይ ምሉእ መዓልቲ ክንክን ግዜኦም ጌሮም ይሳተፉ |
| | **ትምህርትን ክንክንን**<br>ናይ ምሉእ መዓልቲ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ምክንኻን ካብ 0 ኽሳዕ 6 ዓመት ንዝዕድሚኦም ቈልዑ ናይ ቍልዕነት ትምህርትን ክንክንን ይህቡ |

ኵሎም እቶም ዚምወሉ መደባት ኣጸደ ቆልዑ ነቲ መንግስቲ ዘውጽኦ ናይ ድሕንነትን መምርሒታት ብቕዓትን ከማልኡ ይግባእ፣ ከምኡውን ምስ ናይ ቪክቶርያ ቀዳሞት ዓመታት ትምህርትን ዕቤትን ኣሰራርዓን ክምዕብል ኣለዎ።

ሓደ ምሉእ መዓልቲ ዚከናኸን ማእከል ምሉእ መዓልቲ ትምህርትን ክንክንን ኪህብ ይኽእል፣ እዚ ኸኣ ፕሮግራም ኣጸደ ቆልዑ እውን ዘጠቓልል እዩ። እቲ ብመምህራን ዝምራሕ ናይ ኣጸደ ቆልዑ ፕሮግራም ምስ ተወሳኺ ሰዓታት ትምህርትን ክንክንን ዝተዋደደ ኢዩ። ኣብ ርእሱ ዝኻኣለ ኣገልግሎት: መደብ ኣጸደ ቆልዑት ኣብ ዝተወሰኑ መዓልትታትን ሰዓታትን ጥራይ እዩ ዚካየድ። እዘን መዓልትታትን ሰዓትን እዚኣተን በቲ ኣብ ኣጸደ ቆልዑ ወሃቢ ኣገልግሎት እየን ዝምደባ።

### ንውሉድኩም ኣበየናይ ከም ክትሰዱዎ ንምውሳን፡ ኣብ ንማሕበረሰብኩም ኣገልግሎት ዘበርክት ምርካብን ከምኡውን ን ስድራ ቤትኩምን ንውላድኩን ዚጠቅም እንታይ ምዃኑ ኺምርኰስ ይኽእል

## ኣድማሳዊ ምወላ ገንዘብ ኣብ ዝግበረሎ ናይ ሰለስተ ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቆልዑ ንቈልዓ ምምዝጋብ

ብዛዕባ መስርሕ ምዝገባኦምን ሰሌዳ ግዜኦምን ነቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ኣገልግሎት ኣጸደ ቆልዑ ኣዘራርቡ፣ ናብ ማእከሎምን ሰራሕተኛታቶምን ድማ ምብጻሕ ግበሩ። ኣብቲ ኸባቢ ዚርከብ ኣጸደ ቆልዑ ክትረኽቡን ንስድራ ቤትኩም ዚኸውን ቅኑዕ ኣገልግሎት ብኸመይ ከም እትመርጹን ሓበሬታ እንተ ደሊኹም ናብ education.vic.gov.au/choose-kinder ብጽሑ

ብሉጽ ኣገልግሎት ኣጸደ ቆልዑ ምምራጽ ሓደ ቘልዓ ካብቲ ኣብ ኣጸደ ቆልዑ ዘሕልፎ ግዜ ብዝያዳ ከም ዝጥቀም እዩ ዚገብር ። ናብ www.startingblocks.gov.au ብምኻድ ደረጃታት ናይ ብሉጽ ኣገልግሎት ክትሪሉ ትኽእሉ ኢኹም

## ንናይ ሰለስተ ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቆልዑ ኣድማሳዊ ምወላ ገንዘብ ዝግበረሎ መዓስ ከም ዝጅምር

መብዛሕቶም ኣገልግሎታት ሓደ ቘልዓ ኣጸደ ቆልዑ ቅድሚ ምጅማሩ ኣብ ዘሎ ዓመት ንዚኽፈቱ መስርሕ ምዝገባ ኣለዎም፣ ስለዚ ውላድኩም ወዲ/ጓል ኽልተ ዓመት ምስ ኾነ/ት ብዛዕባ ምምዝጋብ ክትሓስቡ ኣሎኩም።
ካብ ጥሪ ኽሳዕ ሚያዝያ ዚውለዱ ቈልዑ ዘለዉዎም ስድራ ቤታትን ኣለይትን ነቲ ኣድማሳዊ ምወላ ገንዘብ ኣብ ዝግበረሎ ኣጸደ ቆልዑ ን ሰለስተ ዓመት ዝዕድሚኦም ኣበየናይ ዓመት ከም ዚጅመር ኪመርጹ ይኽእሉ እዮም። ስድራ ቤታት ደቆም ትምህርቲ ምስ ዚጅምሩሉ ዕድመ ክስራዕ ምእንቲ: ኣብታ እትቐጽል ዓመት ንኺመሃሩ ኺመርጹ ይኽእሉ፡ ካልኦት ቈልዑ ግን ኪጅምሩ ኸለዉ ደቂ ኽልተ ዓመት ይኮኑ።

**ካብ 1 ጥሪ ኽሳዕ 30 ሚያዝያ ዚውለዱ ቈልዑ** ኣብታ ሰለስተ ዓመት ዝኮኑላ ዓመት-ምሕረት ወይ ኣርባዕተ ዓመት ኣብ ዝኮኑላ ዓመት ምሕረት ናይ ሰለስተ ዓመት ቆልዑ መውዓሊ ህጻናት ኪካፈሉ ይኽእሉ እዮም።

ክልተ ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ እቲ ኣገልግሎት ናይ መምህርን ቈልዑን ተመቓራሕነት ከሚልእ ኣብ ዘይክእሉ መደባት ቈልዑ ክሳብ ሰልስተ ኣመት ዝኮኑ ኣብኡ ክካፈሉ ኣይክእሉን ይኹኑ።

**ካብ 1 ግንቦት ክሳዕ 31 ታሕሳስ ዚውለዱ ቈልዑ** ኣብታ ኣርባዕተ ዓመት ዝኮኑላ ዓመት ምሕረት ናይ ሰለስተ ዓመት ቆልዑ መውዓሊ ህጻናት ከምኡውን ኣብታ ሓሙሽተ ዓመት ዝኮኑላ ዓመት ምሕረት ናይ ኣርባዕተ ዓመት ቆልዑ መውዓሊ ህጻናት ኪካፈሉ ጥራይ ይኽእሉ።

## ዕድመ ምጅማር ኣጸደ ቖልዑ

| ቈልዓ ዝተወልደሉ ዕለት | ሓሳባት | 2020 | 2021 | 2022 | 2023 | 2024 |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 21 ታህሳስ 2016 - 30 ሚያዝያ 2017 | ስድራ ቤታት ኣብ 2022 ወይ ኣብ 2023 ትምህርቲ ናይ ምጅማር ምርጫ ኣለወን | 3 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቖልዑ | 4 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቖልዑ | ናይ ምድላው | 1ይ ክፍሊ | 2ይ ክፍሊ |
| | | | 3 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቖልዑ | 4 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቖልዑ | ናይ ምድላው | 1ይ ክፍሊ |
| 1 ግንቦት - 20 21 ታህሳስ 2016 2017* | | | 3 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቖልዑ | 4 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቖልዑ | ናይ ምድላው | 1ይ ክፍሊ |
| 21 ታህሳስ 2017 - 30 ሚያዝያ 2018 | ስድራ ቤታት ኣብ 2023 ወይ ኣብ 2024 ትምህርቲ ናይ ምጅማር ምርጫ ኣለወን | | 3 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቖልዑ | 4 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቖልዑ | ናይ ምድላው | 1ይ ክፍሊ |
| | | | | 3 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቖልዑ | 4 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቖልዑ | ናይ ምድላው |
| 1 ግንቦት - 20 21 ታህሳስ 2016 2018* | | | | 3 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቖልዑ | 4 ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቖልዑ | ናይ ምድላው |

*ዕለት ታሕሳስ ኣብ ቤት ትምህርቲ መንግስቲ ናይ መወዳእታ መንፈቕ 4 እያ። ስድራቤት ዝመረጾ ቤት ትምህርቲ ኣቐድም ኣቢሉ ዝመጽእ ናይ መወዳእታ መንፈቕ 4 መዓልቲ እንተ ኣልዩዎ: እታ ዕለት ኣብ ጥቕሚ ኽትውዕል ኣለዋ።

## ብዛዕባ ናይ ሰለስተ ዓመት ዝዕድሚኦም ኣጸደ ቆልዑ ተወሳኺ ሕቶታት እንተሓልዩ መን ክሕግዝ ይኽእል

- ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ኣገልግሎት መውዓሊ ህጻናት ወይ ኣቓራቢ: እንተላይ ናይ ምሉእ መዓልቲ ክንክን ኣገልግሎት ዝህቡ
- ናይ ከባቢኹም ባይቶ ወይ ናይ ኣዴታትን ቆልዑን ጥዕና ነርስ
- ናብ መምርሒ ጥዕና (Department of Health - DH) መስመር ወለዲ ብ 13 22 89 ደውሉ
- ናብ : 3yo.kindergarten@education.vic.gov.au ኢሜይል ግበሩ

www.vic.gov.au/kinder ብጽሑ

